# ምኅስ ንድምጺ ሓፋሽ

# ኣብ ዓለማዊ መዓልቲ  ፈነወ ረድዮ!




**<u>ሙሓመድ ኑር  ያሕያ</u>**

ፈነወ ረድዮ ኣብ 2011 ዓመተ -ምህረት ብዓለማዊ ትካል ዩንስኮ ውግዓዊ ኣፍልጦ ካብ  ዝረክብ ንነጀው በብ ዓመቱ ክበዓል ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኮይኑ፡ ሎሚ ዓመት'ውን ብ13 ለካቲት  ብዓለም ደረጃ ተዘኪሩ ውዒሉ።

ፈነወ ረድዮ  ንኹሉ መዳየት ሂወት ድቂ ሰባት  ዝጽሉ  ናይ ሓባር ሓበሬታ ዝመሓለለፈሉ ወሳኒን ድንቅን ኣማራጺ ብምኻኑ፡ ኣብ ዓለም ንኩለን ማዕከናት ዜና በሊጹ ይዝውተር ኣሎ።ናይ ረድዮ ፈነወ ናብ ብዙሓት ህዝብታት ክበጽሕ ዝኽእል ብምዃኑ፡ ዜናዊ መሰናድኦታትን ካልእ ዘተፈላለየ ሓበሬታታት ንሰማዕቲ ኣብ ምክፋልን ፡ከምኡ'ውን ሰማዕቲ ሓሳባቶም ንከካፍሉን ንክገልጹን ዕድል ዝፈጥርን ሓያል ተኽእሎ ዘውንን መሳርሒ ኢዩ።

በዚ ኣጋጣሚ እዚ ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ቁንጫል ካብ ኣበርክቶ ድምጺ ሓፋሽ ሙግላሕ ግድነታዊ ይኸውን። ድምጺ ሓፋሽ ኣብ  እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ወዲባን ኣንቂሓን ቃልሱ ኣንጻር መግዛእቲ ከምዝሕይል ዝለዓዓለትን፡ብጸላኢ እና ሻዕ እብ ልዕሊ ሰለማውያን ዜጋታትን ዓድታትን ዝፍጽም ዝነበረ ጃምላዊ ህልቂትን ዕንወትን ንዓለም ዝቃላዕትን፡ከምኡ'ውን ብተኸታታሊ ኣንጻር ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብጽለኢ ዝንዛሕ ዝነበረ ናይ ሓሶትን ታሪኽ ናይ ምትምያንን ፕሮፖ ጋንዳን ዘፍሸለትን፡ ፍናን ኩሉ ኤርትራዊ ሓፍ ዘብል ዝነበረ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ሞባሌታት ሰውርኡን ዘቃልሕትን፡ በቲ ትፍንዎ ዘነበረት ሓቀኛን ተጨባጥን  ውድዓዊ  ፍጻሜታት

ሜዳ ኤርትራ፡ ጸላእቲ ኣብ ሓቅነት እቲ ብሚድያታቶም ዝወሃብ ዝነበረ ዝንቡዕ ሓብሬታ ጥርጣረ ከምዝሕድሩ ዝገበረትን፡ ኣብ መጨረሻ ድማ ምሕራር ምሉእ ኤርትራ ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ኣብ ውሽጢ ዓድን ስደትን ንዝነበረ ተቃለሳይ ህዝብና ብሓንቲ ሰዓት ዘበሰረትን ድምጺ ሓቂ ኢያ።

ናጽነት ኤርትራ ምስ ተረጋገጸ 'ውን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ሓድነት ኣብ ምድልዳልን ሉኡላውነት ኣብ ምውሓስን ብዛዕባ ናህሪ ሰሪሓ ኢያ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ነታ ብገዛእቲ ዓንያ ዝነበረት ኤርትራ ንምህናጽን ንምልማዕን ዝተገብረ ጻውዒትን ጎስጓታትን ኣብ ምስማር ዓቢ እጃም ኔሩዋን ትቅጽሎን ኣላን።

ወላ'ኳ ኣብዚ ግዜ እዚ ሓብሬታ ዝመሓላለፈሉ ብርክት ዝበለ ዘመናዊ ሚድያታት እንተሎ ፡ ብመዳይ ዋሕዚ ሓበሬታን ምውሳኽ ቁጽሪ ስማዕትን ግን ንኣድላይነት ፈነወ ረድዮ ዝትክእስ ኣይኮነን። ስለዚ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኣብዚ እዋን እዚ ምስ ደጂታላዊ ዓለም ብዝኸይድ ኣገባብ ዝዕጠቐ ዓጢቃ፡ መንእሰያት ተክኒሻልትን መሃንድሳትን ኣሰልጢና፡ ብኹለን ቋንቋታት ብሄራትና ወሃ ዘበለ ሕቀኛን ርትዓውን መደባትን ዜናታትን ንሰማዕታ ተቕርብ ኣላ።

ክንዲ ዝኾነ ድማ ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ረድዮ ማዕረ ክንደይ ኣገዳስነት ከምዘልዎ ንምግንዛብ ፡ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ዝተጻወተቶ ጸኒሕን ህልውን ዝሕብን ተራን ኣበርክቶን ምውካስ ኣኸለ ዘብል ብርቂን መሃርን ኣብነት ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ ናይ'ዚ 13 ለካቲት ዓለማዊ መዓልቲ ፈነወ ረድዮ ምኽንያት ብምግባር ዘዳለኽዎ ጽሑፍ ፡ነታ ልሳናን ገላጺት ባህግናን ኣእንጋዲት ሓሳባትናን ፡ ተኣማኒት ምንጨ ሓበሬታናን ዝኾነት ድምጺ ሓፋሽ ዘየቓርጽ ህላወን ምዕባለን ፡ ንኩላቶም ሰራሕተኛታታ ድማ ከም ወትሩ ንሰማዕታ ብዝዕግብ መንገዲ ንክዓዩ ተባላሕትነቶም ጻዕሮምን ተወፋይነቶምን ንክቅጽሉ ኣሳልጦ ይምነ።

---